## ዩሱፍ መሓመድ ዓሊ፡ ተባዕ ኤርትራዊ ጋዜጠኛ

ጽልም ኢሉ፡ ማእከላይ ቁመት ዘለዎ ዕቱብ መንእሰይ እዩ። ኣብ ካልኣይ መፋርቕ ናይ ሰብዓታትን ኣብ መጀመርታ ሰማንያታትን ብፍላይ ኣብ ፖርትሱዳን ቤት ትምህርቲ ኮምቦኒ ዝተመሃሩ፡ ዛጊት መን ምዃኑ ኣይስሕተዎን ይኾኑ። እዚ በዓል ራኢ መንእሰይ፡ ዩሱፍ መሐመድ ዓሊ ይበሃል።

የሱፍ ኣብ ኣስመራ ዓብዩ፡ ከም ኩሉ ኤርትራዊ ድማ ብሰንኪ መግዛእቲ ዝደፈሮ ክብርን መሰልን ኤርትራውያን፡ ስዒቡ ዝቀጸለ ግፍዕታትን ከም ኩሉ ኤርትራዊ ናብ ሱዳን ኣመሪሐ። ኣብ ፖርት ሱዳን እናተቐመጠ ኸኣ ኣባል ማሕበር ተማሃሮ ኤርትራውያን ኮይኑ ክነጥፍ ጀሚሩ። ኣብ 1978ዓ.ም ኣባል መሪሕነት ናይቲ ጨንፈር ድሕሪ ምዃኑ ኣብ ሐጺር እዋን ኣቦ-ወንበር ናይ ጨንፈር ፖርት ሱዳን ንምዃን በቒዐ። ዩሱፍ፡ ጠባዩ ህዱእን ትሑትን ኮይኑ ኣብ ሃገራዊ ሕቶ ምሉእ ብምሉእ ዝጠሓለ ከምዝነበረ ዝፈልጠዎ ዝምስክረዎ ሓቂ እዩ። ኣብቲ እዋን፡ እቲ ማሕበር ኣብ ምኹስኳስ ሃገራውነት ዝተጻወቶ ተራ ድማ ኣዝዩ ዕዙዝ ስለዝነበረ ብዙሓት መንእሰያት ናብ ሜዳ ኤርትራ ብምንጽባር፡ መተካእታ ዘይበላ ክብርቲ ሂወቶም በጃ ሓፋሽ ወፍዮም።

ዩሱፍ፡ ኣብ ትሕቲ ዝኾነ መድረኽ፡ ዝተፈላለይ ዓይነት ርእይቶ ይሃሉ ብቐዳምነት ሃገራዊ ናጽነት ዝብል ሓያል እምነትን መትከልን ከምዝነበሮውን ኣብቲ ማሕበር ዝነበሩ መሳርሕቱ ይምስክሩ። ብዘይካዚ ንህዝቢ ኣብ ዘገድሱ ጉዳያት ፍጹም እንታይ ገደሰኒ ዘይብልን ከይሰልከየ ዝሰርሕን ሰብ ከምዝነበረውን ይገልጹ።

እዚ ዓይነት ሐልዮት ኣብ ልዕሊ ሃገርን ህዝብን ስለዝነበሮ እዩ ድማ ድሕሪ ነዊሕ ናይ ስደት ሂወት ኣብ መፋርቕ 90ታት ጠቕሊሉ ናብ ሃገሩ ዝተመልሰ። የሱፍ ናብ ኤርትራ ተመሊሱ ኣባል ቦርድ ጋዜጣ ብሕቲ ጽጌናይ ብምዃን ክነጠፍን ህዝቢ ቅኑዕን ዘይተዛብዓን ሓበሬታ ክረክብ ጽዒሩ። ነዊሕ ከይጸንሐ ድማ ዋና ኣዳላዊ ጋዜጣ ጽጌናይ ኮይኑ ክሳብ'ታ ሃለዋት ዝጠፍኣላ ዕለት ስነምግባር ጋዜጠኝነት ዝሓቶ ትብዓትን መትከልን ወኒኑ ልሳን ህዝቢ ብምዃን ግቡኡ ፈጺሙ። ንህዝቢ ድማ ዘይተዛብዐን ንጹህን ሓበሬታ ብምሃብ፡ ህዝቢ ዘረባ ክልተ ሰሚዑ ክፈርድ ክይተሓለለ

ሰሪሑ።እዚ ሰናይ ተግባርን ሓያል ምህናጽ ሕብረተሰብን ዘስገኦም ዓመጽቲ ግና ንዩሱፍ ግዳይ ዝተፈላለይ ምፍርራሕን ስቓይን ገበርዎ። ከም ኣብነት ብ14 ጥቕምቲ 2000ዓ.ም ብኣባለት ጸጥታ ተታሒዙ ንሓደ ሰሙን ድሕሪ ምእሳሩ ንዝበኣሰ መቕጻዕቲ ናብ ቤት ማእሰርቲ ዛራ ብምውሳድ ክድህልዎን ከሰናብድዎን ሃቀኑ። ይኹን እምበር ከም ዝሓለንዎ ንስግኡ እምበር ንመንፈስን ሞራልን ዩሱፍ ፍጹም ክኣስርዎ ኣይከኣሉን።

ዩሱፍ ብዝነበሮ ተወፋይነትን ልዑል እምነት ግደ ነጻ ፕረስ ኣብ ምህናጽ ሃገርን፡ ጋዜጣ ጽጌናይ ነጻ መርገጺኣ ንምሓዝ ግዜ ኣይውሰደላን። እዚ ዘይሸራዊ ኣካይዳ ጋዜጣ ጽጌናይ ግን ነቶም ጉዱም ተኸሺሑ ዝነበረ መለኸቲ፡ ሓንቲ ነቓፌታ ከምዘይጸሩ ርዱእ እናኾነ መጸ። መንግስቲ ኤርትራ፡ ጋዜጣታት ቕድሚ ምዝርገሐን ትሕዝቶአን ሳንሱር ንኽግበር ዘቕርቦ ሓሳባት ኣተሪሩ ዝተቓወመን ሓላፍነት ናጽነት ፕረስ ኣብ ልዕሊ ኣዳለውቲ ጋዜጣታት ክሸውን ከምዝግበኦን ኣትሪሩ ዝገለጸ ተባዕ ጋዜጠኛ እዩ።

ጋዜጣ ጽጌናይ፡ እታ ናይ መጀመርያ ናይቶም ኣካይዳና ንገምግም ዝበሉ ኣባላት ማእከላይን ሃገራውን ባየቶ፡ ንኣብነት ናይ ተጋዳላይ ማሕሙድ ሸሪፎ ቃለ-መሕትት ዘቃልሐት ጋዜጣ'ውን እያ። እምበኣር፡ ነቲ ጠለባት እዞም መራሕቲ ህዝባዊ ግንባር፡ ህዝቢ ንመጀመርያ ግዜ ብመገዲ ናይ ብሕቲ ጋዜጣ ጽጌናይን ተባዕ ዩሱፍን እዩ ናብ ህዝቢ በጺሑ።

ዩሱፍን ብጸቱን ህያው ኣብነት ናይቶም ኣብ ኣርበዓታትን ሓምሳታትን ዝነበሩ ሓርበኛታት እዮም። ከምቲ ሓርበኛ ኣቦና ሸኽ ዓብደልቃደር ከቢረ ኣብቲ ግዜቲ እቶም ብተንኮልን ግዚያዊ ስሚዒታትን ተታሊሎም ኣንጻር የሕዋቶም ብገዛእቲ ኢትዮጲያ ኣናተሓገዙ ስነእምራውን ኣካላውን ዓመጽ ንምፍጻም ምሰተላዕሉ ዝብልዎ “ክቡር ዋጋ ክኽፈሎ እዩ! ዕላማና ድማ ፍትሒ ምጭባጥ ወይ እናፈተንካ ሙማት እዩ”።እነሆ ዩሱፍ ፍትሕን ርትዕን ክነድዝበለ ልሳን ሓፋሽ ህዝቢ ኽንዲዝኾነ ሎሚ ዘይሰብ ሕልና ሃለዋቱ ኣጠፊኦሞ ኣለዉ። ብሓቂ ንምዝራብ ግን ዩሱፍ ጠፊኡ ኣይተረፈን እነሆ ቃንኡን ልሳኑን ኣሽሓት የሕዋቱ የቃልሕዎ ኣለዉ።ኣብ መወዳእታ

ድማ ወይልና እቶም ልሳን አልቦ ዝኾነና  ተዘንጊዕና ንርከብ እምበር ዩሱፍ ነቲ ኣዝዩ ዝበሃነ ስማዊ ዘይኮነ ግብራዊ ሐርነት እናስተማቐረ ንሕልንኡን ሕልና ህዝቡን አርዉዩ አዩ። እንተ ንሕና ህዝቢ ብፍላይ ድማ መንእሰያት ግን አብ ልዕሊ ከምዚ ዝበለ በዓል ንጹሕ ሕልናን ቅዱስ ራእይን መንእሰይ ዝፍጸም ግፍዒ አስቒጥና ጠርቕም ምባልና ከምቲ ህቡብ ተቓላሳይ ጸሊም አመሪካዊ  ማርቲን ሉትር ኪንግ ዝበሎ “አብ መፈጸምታ እቶም አብ ልዕሌና ዓመጽ ዝፈጸሙ ጥራይ ዘይኮነ!እቶም እናተዓመጽና ዘስቐጡ’ወን በዲሎምና እዮም” ዝበሎ ንሕና ህዝቢ ዓገብ ፍትሒ ንነብሰኻ እዩ እንተዘይኢልና ታሪኽ ካብቶም ገበርቲ እከይ ፈልዩ አይክርእየናን እዩ።